


# መምርሒ
# ንደልይቲ ዕቑባ ኣብ ላትቪያ

EUROPEAN UNION
Asylum, Migration
and Integration Fund



ብ ሓላፍነቱ ዝተሓለወ (LLC) Due ዝተዳለወ



# ትሕዝቶ

2 ምሕታት ዕቑባ ኣብ ላትቪያ
4 ድሕሪ ዕቑባ ምሕታት
7 መሰል ሓታቲ ዕቑባ
10 ሓላፊነት ሓታቲ ዕቑባ
13 መዓኪታት መንበሪ ሓታቲ ዕ ቑባ
20 እሱር ሓታቲ ዕቑባ
22 ናይ መንበሪ ቤት ዕቑባ ሓታቲ
24 ትምህርቲ
26 ጥዕና
27 መንባሪ ቤት ካብ ማእኸል ሓተትቲ ዕቑባ ወዓኢ
28 ናይ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ከምኡ እውን ማሕበራዊ ሞጊዚት ድጋፍ
30 እቲ ቓለ መሕቲት
32 ኣግባብ መርመራ መመልከቻ ዕቁባ
34 ኣሰራርሓ ንናይ ይግብኣኒ ውሳ ነ
39 ስቴት ናይ ሕጊ ደገፍ ይገብር
40 ኣሰራርሓ ነቲ ማይ ብስቴት ዝምወል ሕጋዊ ናይ ሕጊ ሓገዝ
42 ድሕሪ ኩነታት ተቐባሊነት ምርካብ
44 ኣሉታዊ ናይ መወዳእታ ዉሳነ
45 ጠቐምቲ ኣድረሻታት
47 መዘኻኸሪ ታት

ኣሕፀሮተ ቓል

| | | |
|---|---|---|
| | ቤፅጉዜስ (OCMA) | ቤት ፅሕፈት ጉዳያት ዜግነትን ስደትን |
| | ሓላዊ ዶብ | ሓላዊ ዶብ ክልል |
| | ማእኸል | መእኸል ጠያቒ ዕቑባ |
| | ሕካ (EU) | ሕብረት ኣዉሮፓ |
| | ከዉማዉ (SSIA) | ክልላዊ ዉድብ ማሕበራዊ ዉሕስና |

እዚ መንሹር ዝተዳለወ ብእቲ ፕሮጀክት ቑፅሪ
PMLP/PMIF/2016/1 ብቤት ፅሕፈት ጉዳያት ስደትን ዜጋታትትን ናይ ዓለም ኣሕባሪ
ወይ ሓቛፊ መከላኸሊ ደለይቲ ሓገዝ ስደተኛታተን መዕረፊ ደገፍ ደለይትን መተግበሪ
ግብሪ ፕሮግራም 2014-2020 እዩ

# ኣብ ላትቪያ ዑቑባ ምሕታት




1 ኣብ ላትቪያ ዕቑባ ንምርካብን መመልከቲ ንምእታዉን እንተደሊኩም ውልቀ ኣደራሻኩም ንሓላዊ ዶብ

- ኣብ መቋረጺ መንገዲ ከልል ዶብ
- ኣብ መሰጋገሪ መንገዲ ኣየር
- ኣብ ላትቪያ እንተሃሊኩም ድማ ኣብ ቀረባ ዘሎ ከፋሊ ሓላዊ ዶብ ምእታዉ ትኽእሉ .

ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ላትቪያ ዕቑባ ንምሕታት መሰል ኣለኩም ኣብ

2 ቤፅጉዜስ

3 ፖሊስ ከልል

4 ቤት ማዕስከር






እዞም ሰበ ስልጠናት ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ናይ ስራሕ መዓልታት ንሓላዊ ዶብ ከረኽብዎ ስለዝኽእሉ፤ መመልከትክም ንዖኦም ከተረክቡ ትኽእሉ








ኣብ ላትቪያ ዕቑባ ንምርካብ እንትትደልዩ ብፅሑፍ ይኹን ብቃል ብዝርዳእኩምን ብእትዛረብዎን ቋንቋ ምግላፅ ትኽእሉ፡፡ እቶመ ሓለውቲ ዶብ ብቃል ዝተዛረብኩምዎ ሓሳብ ንስኹም ብፅሑፍ ከሰፍርዎ እዮም ።



ዘከሩ፡ኣብ ላትቪያ ዝህልወኩም ከይዲ ዕቑባ ዝጅመር ድሕሪ መመልከቻ ምእታዉኹም ምሃብኩም እዩ ። ብመሰረት እቲ ዘመልከትኩምዎ ከሳብ ናይ መወዳእታ ዉሳነ ሕራይ ወይ ኣይተቐበልናካን ዝወሃብ ኣብ ከይዲ ምርኣይ እንዳሃለወ ደላዩ ዕቑባ ኢኹም ።



እንድሕር ንይብንኻ እትነብር ንእሽቶ ሰብ ኮይንካ ( ስድራን ዓበይቲ ኣዝማድን ዘይብልካ) ኮይንካ እቲ ስቴት መዕበዩ ወይ ሓብሓቢ ከምደበልሙም እዩ

# ድሕሪ ምሕታት ዑቑባ

እንድሕር እሱር ዘይኮይኖም መረዳእታ መለለዩ መንነት ደላዩ ዕቑባ ከወሃቦም እዩ



ኣሰር ኣጻብዕቲ- ዋና መስርሕ ከይዲ ዕቑባ ስለዘኾነ ከህቡ እዮም ::



ከሳብ ናይ መወዳእታ ዕቑባ ዝምልከት ውሳነ ዝወሃብ ንመለለዪ መንነቶምን መንገደን ዝጠቕሙ መረዳእታታት ናብ ሓላዊ ዶብ ከረከቡ ኣለዎም: ኣብ ላትቪያ ዘፅንሕ ካልእ ተቐባልነትን ሕጋዊን መረዳእታ ንኣብነት ሕጋዊ ቪዛ ወይ ናይ መንበሪ ፍቓድ ተዘይሃልዩዎም ::

መለለዩ መንነት ደላዪ ዕቑባ ኣብ ላትቪያ (Latvia) ንከትፀንሑ ዘኽእል መሰል ይህቦም :: ናብ ካልኣት ሃገራት ግና ከጉዓዙ ኣይከእሉን : ኣብዚ ግዘ ካብ ላትቪያ( Latvia) ከወፁ እንተደልዮም ምናልባት እቲ ዘእተዉዎ መመልከቲ እንተኣቋሪፆሞ ክርኣየሉም ይኽእል እዩ ::



ብዛዕባ ውልቃዊ ህልውነኦምን ኩነታቶምን ዝምልከት ሓበሬታ ንምርካብ ሓላዊ ዶብ ምሳኹም ክደራረር እዩ:: ካባኹም ዝተወሃበ ሓበሬታ ብፕረቶኮል ክቕረፅ እዩ ::( እቲ ናይ ጽሑፍ ሪከርድ)

ብኣኹም ዝወሃብ ሓበሬታ ብናይ ቴክኖሎጂ ድምፅን ቪድዮን ተሓጊዙ ዝቕረፅን ብውልቂ ፈሊካ ንምፍላጥን ዘኽእልን እዩ ::

ክትርስዕዎ ዘይብልኩም ሓለውቲ ዶብ ስረሖም

- ንብረቶም ይድለዩ
- ንመዝገባ ዝጠቕም ግን ንዓኩም ኮነ ንካልኦት ምናልባት ናብ ስግኣትን ጥርጣረን ዘእቱ መረዳእታን ናትኩም ንብረትን የወግዱ
- እንድሕር ዘይተመርዓኩም ደላዩ ዕቑባ ኮይንኩም ተወካሊ ወይ መዕበዩ ኣብ ዘለሉ ንብረትከም ድለዩ::

- ሰነዳት ትምህርትን መረመራንናይ ቋንቋ ክእለትን ሕከምናን ካልኦትን ፈሊዮም ይሓዙ

- ናትኩም ፎቶ ይወስዱ

እቲ ሓላዊ ዶብ ብኣኹም ንዝተወሃበ ሓበሬታ ናብ ቤፅጉዜስ ከሕልፎ እዩ። ንሱ ብግዲኡ ይምርምር፡ ናተካ መመልከቲ ነየናይ ክልል ዉድብ ኣዉሮፓ (EU) ሓላፍነት ምኻኑ ድማ የገናዝብ ። እንድሕር ከይዲ ምርመራ ናተካ መመልከቲ ሓላፍነት ካልእ ኣባል ሕብረት ኣዎሮፓ (EU) ኮይኑ ተረኺቡ፡ ናብ ካልእ ኣባል ዝምልከቶ ክልል ክትምራሕ ኢኻ ። ብመሰረት ሕጊ ሕቡራት ኣዉሮፓ (EU) ሓደ ኣባል ሕብረት ኣዉሮፓ (EU) ጥራይ እዩ መመልከቻኻ ዝፍትሾ ::

ሓላፍነት ኣባል ክልል ንምፍላጥ ዝተፈላለዩ ኩነታት ጉዳይካ ኣብ ግምት ይኣቱ ::   ንኣብነት ኣብ ሓደኡ ክልል ኣባል ሕኣ( EU) ኣባል ስድራ ከይህልወካ ወይ ኣብ ካልእ ኣባል ሕኣ (EU) ዕቑባ ሓቲትካ ከይትከዉን ወይ ካልእ ዝኾነ ኣባል ክልል ሕኣ (EU) ሕጋዊ ፍቓድ ነባሪነት ሂቡካ ከይከዉን ድሕሪ ካብ ትዉልዲ ዓድኻ ምምዓእኻ

ናትካ  መመልከቲ ምምርማር ሓላፍነት ላትቪያ (Latvia) ምኺኑ ኣፍልጦ እንተድኣተዋሂብዎ   ከይዲ ዕቑባኻ ምስ ቤፅጉዜስ  ይቐፅል

ንሓላዊ ዶብ ዕቑባ ኣብ ትሓትሉ እዋን ሓላፍነት ኣባል ክልል ንምፍላይ ዘድልዩ ረቛሓታት  ኣግባብ ትምህርትን ዝምልከት  ዘድሊ ዝርዝር ሓበሬታ ክትረኽቡ ኢኹም



# መሰላት ሓታቲ ዕቑባ

ኣብ ከይዲ ዑቕባ ምስዝተዱ ሓለፍቲ ብቃል ይኹን ብፅሑፍ ኣብ ዝግበር ዝርርብ ብዝተኻኣለ  ንዓኻ ዝርድኣካ ወይ ንዓኻ ክርደኣካ ምኽንያታዊ ዝኾነ ቋነቋምጥቃ ትኽእል ::   ምስ ከይዲ ምዝገባኻ ዝተኣሳሩ ሰነዳት/እቲ ናብ ቤት ፍርዲ ዝርከብ ጥርዓን(ኣድላይ ምስዝኸውን ትርጉም ክቐርብ እዩ) ክትህብ ትኽእል።

ብዛዕባ ከይዲ ዕቑባኻ ዝምልከት   ዝህሉ ምዕባለ ሓበሬታ ንምርካብ  ፡ ብዛዕባ ኣብ ጉዳይካ ዝተውሃበ ውሳበ መብርሂ ንምርካብ ከምኡ እውን ናይ ይግባኣኒ ኣገባባትን እቲ  ስቴት ብዝረዳኣካ ቋንቋ ሕጋዊ ሓገዛት ዝርከበሉ ኩነታትን ንምርካብ- እቲ ጉዳይ ተወካሊ ወይ ሕጋዊ ሓገዝ እንተዘይሃልዩ።

ኣብ ከይዲ ጥርዓን ብዝተኻኣለ መጠን ሕጋዊ ደገፍ ክልላዊ ወሕስና ርኽብ ::   ብናይ ባዕልኻ ወጻኢ  ኣብ ዝኾነ ከይዲ ሕቶ ዕቑባ ሕጋዊ ደገፍ ንምሃብ ዝተቐመጠ ሰብ ፀውዕ ::

እንድሕር ዕቑባ ዝሓተተካሉ ዉልቃዊ ሰነድ ሕዝካን ተቐበላልነት ዝረኸበ ወይ ዝተነፀገ ወይ ኣማራዒ ዝገልፅ ካብ ዘመልከትካሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሽድሽተ ወርሒ ካብ ቤፅጉዜስ ዉሳነ ምስ ዘይበጽካ ክሳብ እቲ ውሳነ ተግባራዊ ዝኾነሉ ዕለት  ኣብ ላትቪያ (Latvia) ንክትሰርሕ መሰል ይህልወካ ::  :  ኣብ ዉልቀ መረዳእታ ደላዩ ዕቑባ መሰል ምስራሕ ከምዘለካ ንምምልካት  ፈለማ ንሓለዊ ዶብ ክትረኽቦ  ይግበኣካ ::

# መሰላት ደላዩ ዕቑባ



ኣብዝተወሰነ ዓቐን ደገፍ ሕክምና ምርካብ



ኣብ ከይዲ ምቕራብ ሕቶ ዕቑባ ሰብ ሞያታት ንድሌታትካ ትኹረት ከገብሩ እዮም :: ንስኻ እውን ድሌታትካ ናይ ምግላፅ መሰል እውን ኣለካ ::

እንድሕር ሓላዊ ዶብ ወይ ቤፅጉዜስ ፍሉይ ከይዲታት ወይ ድሌት ምዝገባ ዘድልየካ ኮይኑ ረኺቡዎ : ኣብ ከይዲ ሕቶ ዕቑባ መሰልካ ንከተተግብርን ግቡእካ ከትፍፅምን ምቹውን ግቡእን ሓገዝ ናይ ምርካብ መሰል ኣለካ ::

ፍሉይ ከይዲ ኣግባብ ወይ ምዝገባ እትደሊ ሓታቲ ዕቑባ ከም ምኽንካ መጠን ኣብ ግምት ዘኣትው ድሌታትካ ከም

- ንእሽ
- ጉዱእ ኣካል
- ብኢሕጋዊ ስደት ዝተጠቐዐ
- ፍሉይ ድሌት ዘደሊ ሰብ እንተኮይኑ
- ብኢፍትሓዊነት ዝተጎደአ እንተኮይኑ





ባዕልኻ ወይ ወኪልካ ኣብቲ ፋይልካ ዘሎ ብዛዕባ ጉዳይካዝምልከት ሓበሬታ ናይ ምርኣይ መሰል ኣለኩም : ብዘይካ እቲ መረዳእታ ወድዓዊ ምግባር ዝምልከት

ድሌት ከልል ላትቭያን (Latvia)ዝጎድእን እንተኮይኑ

ንድሕንነት ወሃብቲ ሓበሬታ ዝህቡ ሰባት ወይ እቲ ሓበሬታ ዝምልከቶም ሰባት ዝጎድእ እንተኮይኑ

ስነ ስርዓት ሕቶ ዕቑባን ምርመራ ከይዲ ምዝገባ ተዛመድቲ ተግባራትን ዝተፀመዱ ዝምልከቶም ሰብ ሞያታት ተፅዕኖ ዘሕድር እንተኮይኑ

ሓተቲ ዕቑባ ምስ ቤተ ሰብ ዉዱብ ሕቡራት መንግስታት፣ ዉዱብ ሕቡራት ናይ ስደተኛታት ኮሚሽነር (UNHCR) ወይ ካልኦት ትካላት ምርካብ ሕጋዊ ን ካልእን ምኽሪ ንምርካብ የኽእሎም



# ሓላፍነት ደላዩ ዕቑባ



ምስ ኣብ ኣብቲ ከይዲ ሕቶ ዕቑባ ዝተዋፈሩ ትካላት ምትሕብባር ፡ ንኣብነት ምስ ሓላዊ ዶብ ኣሰር ኣጻብዕቲኻ ከወስድ ምእንታ ፡ ዉልቃ መንነትካ ንምፍላይን ፎቶ ንከወስድን ምስ እቲ ቤፅጉዜስ ንከይዲ ምዝገባ ዝጠቅም ሙሉእ ሓበሬታ ምሃብ

እንተንኣሰ 14 ዓመትካ እንተኣኺሉ ኣሰር ኣጻብዕቲ ምሃብ

ኣብ እቲ ድርድርን ቃለ መሕቲትን ምምላስ ንዉልቀኻ ትሕተቶም መጠይቓት ብውልቀኻ ንምምላስን ብዝተኻኣለ መጠን ሓበሬታ ምቕራብን ፡ ዋላ ተወካሊኻ ኣብቲ ከይዲ ምትዕራቑ ወይ ቓለ መሕቲት ተሳታፊ እንተኾነ ( ሙሉእ ሓበሬታ ናይ ምቅራብ ግደታ ከምዘለዎ ኮይኑ ) ዉሳነ ምሃብ ግን የድሊ።



ከይዲ መርመራ መረጋገጺ ጥዕና ብመሰረት ድሌት ጥዕና መኮነን ምክያድ ግድን እዩ። መርመራ ኒዩሞኖግራፊ ንሕማመም ትቪ ምክያድ ኣድላዪ እንተኮይኑ ድማ ንዝተወሰኑ ሕማማት ረኸሲ መርመራ ምግባር፡



* ንኣብነት,

- ዘየድሊ መረዳእታ ዘይምሓዝ
- ዉልቀዊ መለለዩ
- ኣባል ቤተሰብ
- ሕሉፍ ተግባርን ሕሉፍ መዝገባን
- ዕቑባ ዘጠይቐካ ዘሎ ምኽንያት



# ሓላፊነት ደላዩ ዕቑባ



ኣብ መንበሪ ቤት ወይ መፅለሊ ኣብ ትፀንሓሉ እዋን ዉሽጣዊ ስርዓታት ምኽታል

ብዛዕባ ኣድራሻ መንበሪኻን ለውጢ እንተልዩን ን ቤፅጉዜስ ሓላዊ ዶብን ምፍላጥ :: መንበሪ ኣብ ማእኸል ዕቑባ ተዘይተዋሂቡካ ዕስኩር ተዘይኮንካ ንዓኻ ንምርካብ ብዝምልከቶም ሰበስልጣን በቲ ዘመዝገብካዮ ኣድራሻ መንበሪካ ከረኽቡካ እዮም::



# መንበሪ ቤት ሓታቲ ዕቑባ

እኹል ገንዘብ እንተዘይሃዩካ ኣብቲ ኽፉት ዝኾነ ማእኸል ናይ ምንባር ዕድል ኣለካ ::

ንእሽተይን ሓብሓቢ ዘይብሉ ሓታቲ ዕቑባ ኣብ ናይ ህጻናት ክንክን ኢንስቲቴሽን ወይ ወይ መዕበይቲ ብሕጊ ዘኽታማት ኣብ ዝተመደብሉ ምንባር ይኽእል እዩ:: ውሳነ መንበሪ ብሕጊ ዘኽታማት ዝካየድ ኮይኑ ብምትሕብባር ቤፅጉዜስ ድሌት ትሕቲ ዕድመ ዝኾነ ሰባት ዘይጋደአ ይኸውን

ኣብቲ ማእኸል ከትበዕሑ እንተለኹም ዉልቀ ሰነድ ደላዩ ዕቑባ ከተቕርቡ ኣኩም :

እቲ ማእኸል ካብ ማእኸል ዋና ከተማ ላትቪያ ዝኾነት ሪጋ 17 ኪሜ ርሒቃ ትርከብ:: ካብ ሪጋ ናብ ማእኸል ኣዉቶብስ ቁፅሪ 16 ይጠቐሙ :: ናይ ህዝቢ ግዘ ሰሌዳ መጉዓዝያ ኣhttps://saraksti.rigassatiksme.lv/ ሓበሬታ ምርካብ ይከኣል







## ናይ ማእኸል ሰራሕተኛ :

- ምስ ናይቲ ማእኸል ውሽጣዊ ስርዓትን ድሕንነትን ከፋልጠካ እዩ (ብዝተፈላለየ ቛንቋ ኣብቲ ማእኸል መዘናገዒ ተተርጒሙ ድማ ኣሎ )
- ትዓርፈሉ ክፍሊ ምግቢ ንባዕልኻን ንቤተሰብን ትሰርሓሉ ካልኦት መመረፅታት እቲ ማእኸልን ካርድ መሕተትን ካልኦት ኣድልይቲ ነገራትን ካርእዩካ እዩ
- ግዘ ሰሌዳ መፅረዩ ሓባራዊ ከባቢ ፈልጥካ ስርዓት ክትሕሉ ምእንታን ነዚ እውን ካላሊየካ እዩ










ምሕላው ፅሬት ሓበራዊ ከባቢ ናይ ኩሉ ዓብዪ ናባራይ እቲ ማእኸል ሓላፍነት እዩ።



# መንበሪ ቤት ደላዩ ዕቑባ





ኣብ ሓደ ገዛ ካብ 4-10 ሰባት ምንባር ይከኣል



ቅድመ ትምህርቲ ዘለዉ ህፃናት ዘለዎም ስዳራ ብዝተኻኣለ መጠን ዓይኒ ምድርን መሕፀቢ ሰብነትን ዘሎዎ ገዛ ይውሃቦም። ካልኦት ሓተትቲ ዑቑባ ናይ ህዝቢ መሕጸብን (WC) ዓይኒ ምድርን ክጥቀሙ ኣለዎም።







ኣብተ ማእኸል ዘለዉ መንበሪ ኣባይቲ ዓራት መለለይታት፡ ከብሒ ፡ ድኳታት፡ ጠረፐዛታት፡ ኮበርታታትን መተርኣሳት ከዳ ዓራት(ኣንሶላን ትርኣስን) ድስትን ኣለዎ።ንጉድኣት ኣካል ዝኾነ ከፍሊ ንፅል ዓራት ጥራይ ኣለዎ ።

ኣብቲ ማእኸል ዘሎ እዞም ዝስዕቡ ቐረባት ኣለው



● ናይ መግቢ ኣቑሑ



● መሕጸቢ ክፍሊ(ማሽን መሕፀቢን መድረቅን ከዳዉንቲ መተኮሲ



● ቤተ ንባብ



● Wi-Fi ን ኮምፒተራትን ኢንተርኔት ዘሎዎን



● ጅም*



● ከባቢያዊ መዘናገዒ



● ኣብ ማእኸል እቲ ከባቢ ናይ ዉሽጢን ደገን መፃወቲ ህፃናት

* ከምፒዩተር ይኹን ጅም ክፍሊ ንምጥቃም ፈለማ ኣብ ሓላፍነት ሰራሕተኛ እቲ ማእኸል ከትምዝገብን ድሓር ምስ ሰራሕኻ እትመልሶ ናይተ ክፍሊ ቁልፊ ክትረኽብ ይግባእ።



# መንበሪ ቤት ሓታቲ ዕቑባ




ኣብቲ ማእኸል ክነብር ዝተመደበ ዕቑበኛ ሙሉእ ሂወታዊ ተዘይሃልዩዎ ንምግብን መዓልታዊ ኣበልን ገንዘብ ይውሃቦ:: ንነብሲ ወከፍ ደላዩ ዕቑባ ፀታኡን ናይ ስደራ ስብጥር ብዘየገድሽ ንመዓልቲ ብድምር 3 ዩሮ (Euro) ይወሃቦ

እቲ ከፍሊት ንምርካብ መመልከቲ ናብ ቤፅጉዜስ ከትፅሕፍ ግድን እዩ ብተወሳኺ እውን መመልከቲኻ ናብ ማእኸል ሰራሕተኛታተ ከተቅርብ ትኽእል።



ን 24 ሰዓት እቲ ማእኸል እትለቑቅ እንተኮይኑካ ነቲ ማእኸል ሰራሕተኛ ምፍላጥ ናትካ ሓላፍነት እዩ

# መንበሪ ቤት ደለዩ ዕቑባ




እቲ ሰራሕተኛ ማእኸል ንነብሲ ወከፍ ሓታቲ ዕቑባ ዝተመደበ ዕለታዊ በጀት ሉ ግንዘብ ንምውሳድ ትክክልኛ ዕቑባ ሓታቲ ናይ ውልቀ ሰነዱ ከቐርብ ኣለዎ።



ኣብቲ ማእኸል ዕቑባ ዝፀንሕ ዕቑበኛ ትሕቲ 18 ዓመት እንተኮይኑ፡

- ንናቱ ወይ ንናታ ዓብዪ ኣባል ስድራ
- ንናይ ሕጊ ወኪሉ ይኸፈሎ :

ብዘይካ ናይቲ ማእኸል ሰራሕተኛ ፍቓድ ን48 ሰዓት ካብቲ ማእኸል ወዓኢ እንተኮይንኻ እቲ ናይቲ ማእኸል ሰራሕተኛ ጭቡጥ ኩነታትካ ምጥፋእኻ ብምግምጋም ነቲ ዘይነበርካሉ እዋን ከፍሊት ናይዘይምኽፋል መሰል ኣለዎ



## ኣብቲ ማእኸል ኣብ ዝኾንካሉ እዞም ዝስዕቡ ንምምዓእ ትድ

- ንህፃናት ምሕብሓብ ንብሕቶም ዘይምግዳፍ (0-7 ዓመት )
- ካብቲ ማእኸል እንትትወፅእ እትምልሶን ዝተወሃበካ ንብረት(ዓራትን ጠረፔዛታተን) ብጥንቓቐ ክትሕዞ ኣለካ
- ንከባቢኻ መንበሪ ክፍልኻን ከተፅሪ ጉሓፍ ኣብ ከንዲ ናብ ካብ ክፍልን ሎቢን ወጻኢ ጉሓፍ ከትካሊ ።  ወኪላት ፅሬት ካብቲ ማእኻል ምምሕዳር ክርኽቡዎ ይኽእሉ እዮም
- ንናይ ዶክተርን ቃለ መሕተትን ኣብ ቀፀሮ ሰዓት ምርካብ
- መግቢ እትሰርሓሉ ዘለካ ኣቑሓ ገድፍካ ዘይምውዓእ ድሕሪ ምግቢ ምድላው ኣቑሑት ኩሽነ ምሕፃብ
- ካብ ስዓት 11 00 ከሳብ 7 00 ብፅሞና ምዕዛብ



- ካብቲ ማእኸል ክትሰናበት ከለኻ ብመዝገብ ዝተረከብካዮም ንብረታት ንቁልፊ ቀረባት ካርዲ ምምላስ እቲ ከፍሊ ኣፅሪኻ ምግዳፍ

# ዳግማይ ዕቑባ ሓታቲ

ኣብ ግዜ ስነ ስርዓት ሕቶ ዕቑባ ምቕራብ ብፍለይ መእተዊ በሪ ሓላዊ ዶብ ዳጓቭፒሊስ (Daugavpils (Liepaja)) መንበሪ ቤት ምርካብን ምንባርን ዝከኣል ምኻኑ ከትፍልጥ ይግባእ ::
እንድሕር

- ወልቀ ምንነትካ ወይ ዜግነትካ ንምፍላይ ኣድላዪ ኮይኑ
- ዕቑባ እትሓተሉ ምኽንያት ርግጸኛ ከትከውን ኣገዳሲ እዩ ኮይኑ ግና እዚ ኣብ ትሒቲ ቀይዲ ብምውዓል ይፍጸም (ንኣብነት ዶብ ክልል ከተቀቑርፅ ትፍትሻት ዶብ እንተነፅግኻ እንተተረኺብካ)
- ብመሰል ዓርሰ ዉሳነኻ ላትቪያ ንምእታዉ ኣድላዪ እንትኮይኑ

- ካብ ላትቪያ (Latvia) ንኸይትስጎግ ንምዝንጋዕ ዑቑባ ዝሓተትካሉ መእመናይ ምኽንያት እንተተረኺቡ
- ንሃገራዊ ድሕንነት ወይ ህዝባዊ ትእዛዝን ድሕንነትን ስግኣት ዝኾን ዝተኣነሉ ምኽንያት እንተተረኺቡ
- ናይ ምስግጋር ከይዲ ጉዳይካ ናብ ክልል ኣባል ሕአ (EU) ተመሓላሊፋ ይግምገም

6
መዓልቲ

ፈለማ ን6 መዓልቲ ኣብ ትሕቲ ቁፅፅር ከትሽውዕል ትኽእል ኮይኑ ግና ብዉሳነ ቤት ፍርዲ ድማ ንብሙሉእ ከይዲ ግዘ ሕቶ ዕቁባኻ ከናዉሖ ይኽእል

ኣብ ትሕቲ ቑፅፅር ምውዓልካ ሓላዊ ዶብ ፕሮቶኮል ከቐምጥ (ናይ ጽሑፍ መረዳእታ)መሰልካን ግድታኻን ከፍትሸ ይኽእል ቅድሚ ናብ መዕረፊ ዕስኩራት ምኻድኻ ኩነታት ከረጋገፅ ከትፍሽን ከግበረልካ እዩ

# መንበሪ ቤት ኣብ ትሕቲ ቑፅፅር ዝወዓሉ ሓታቲ ዕቑባ

ኣብ ውሸጢ ቤት እሱር መሰረታዊ መሰላትካ ብዘኸብር ድሕንነትካ ብዘኸብር ውልቃዊ ጥንካረታትካ ዝዕቅብ ስነልቦናዊ ብዘማልአ ትነብር ብተወሳኺ ድማ አቶም ዝስዕቡ አውን የካትት

- ናይ ጥዕና ፀገም እንተሃልዩካ ኣብ ዝተፈለየን ኩለ ዝተማለአሉን ገዛን ከትነብር ከግበር እዩ

- ኣባለት ስድራ ብሓደ ከነብሩ ይፍቀደሎም ኣባላት ስድራ እንተተቓዊሞም

- ዘይተመረዓወ ንእሽተይ እንኮይንካ ዝተማልአ ንዕድመኻ ማእኸል ዝገበረ መንበሪ ይወሃበካ እዩ

- ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንእስትዮን ነነበይኖም ይነብሩ እዮም

ንእሽተይ እንተኮይንካ ናይ ትምህርቲ ቀረብ ክህልወካ እዩ

- ንዓለምለኻዊ መስታወቅያ እትአለሽ እንተኮይንኻ ን 72 ሰዓታት ኣብ ፍሉፍ መዕቐቢ ትፀንሕ ኢኻ

10 መዓልቲ

- ብዝኾነ ምኽንያት እንድሕር ውሽጣዊ ሕግታት ትጥሕስ እንከለኻ ወይ ንድሕንነት ካልኦት ተዓቕብቲ ተዓብእኻ፡ ንሙሉእ 10 መዓልቲ ዝኣከል ነዚ ተባሂሉ ናብ ዝተዳለወ መዓስከር ንበይንኻ ትፋለ

ኣብቲ መዓስከር እሱራት ሓላዊ ዶብ ንዕቑባ ሓተቲ ማይ ምግቢ ኣብ ዝኾነ ሰዓት የቐርብ ከምኡ እውን ፅሬት ኣድለይቲ ምግታት ግልጋሎት ሕክምና የቐርብ

ኣብ ግዚያዊ ማዓስከር ክትፀንሕ ከለኻ አቶም ዝንገሩኻ ዓለምለኻዊ ሕግታት ኣብ ግምት ከተእቱ ኣለካ

# ትምህርቲ

ንኡስ ደላዩ ዕቑባ ናይ ቀዳማይን ካልኣይን ብርኪ ትምርህቲ ናይ ምርካብ መሰልን ኣለዎ ከምኡ እውን ምስ ዓበየ (ኣብ 18 ዕድምኡ) እውን እቲ ዝጀመሮ ይቅጻል

ኣብ ላትቪያ ካብ 5 ክሳብ 17 ንዘለዉ ትምህርቲ ግደታዊ እዩ ህፃን ሓዊስካ መሰረታዊ ትምህርቲ ንክጅምር ምድላዉ ዝገብረሉ ናይ ቀዳማይ ብርኪ ትምህርቲ ዝቐስመሉ ወይ ክሳብ ዝዓቢ (ኣብ 18 ዕድምኡ) ዝቐፅለሉ እዩ


ንሽተይ ዝኾነ ደላዩ ዕቁባ ኣብ ቤት ትምህርቲ ንክምዝገብ ወለዱ ወይ ወለዳ ወይ ሕጋዊ ወኪሉ ወኪላ መመልከቲ ናብቲ ማእኸል እሱር ዕስኩር እንተኮይኑ ድማ ናብ ሓላዊ ዶብ ከቕርብ ኣለዎ።



ብኸብረትካ ናይቲ ህፃን መሰላት ትኹረት ይወሃቦ ሰለማዊ ዝኾነ ምሸት ንክሕልፍ ይተልሙ፡ ንቀጻሊ ንግሆ ኣብ ቤት ትምህርቲ ምጭንናቓት ንምውጋድ!

እቲ ንእሽተይ ደላዩ ዕቑባ ዝኣትውሉ ቤት ትምህርቲ ብምንስትር ትምህርትን ሳይንስን ይምደብ

መዓልታዊ ቅፅፅር ክካየድ ግድን እዩ እቲ ቤት ትመህርቲ ህፃውንቲ ዘይፍትሓዊ ምዝንጋዕን ምብኣርን እንተልዩ ወለዲን ናይቲ ህጻን መሰል ተጣበቕቲ ፓሊስ ወይ ናይቶም ወለዲ ዘይብሎም ህጻናት ቤት ፍርዲ ተቀጻጻሪ ክፅውዕ ይኽእል። ህፃን እንተሓሚሙ ናብ ሕክምና ውሰዱዎ ዘቑረፀሉ ድማ ወድዓዊ ይኸውን



# ሕክምና



ኣብ ማእኸል ወይ ኣብ መዓስከር እንዳሃለኻ ደገፍ ሕክምና ካብ ሓላዊ ዶብ እንተደልኻ ምስ ስራሕተኛ እቲ ትካል ወይ ነርስ ታራኸብ

እቲ ክልል ዘረጋግጾ ክትረክብ ዝግበኣካ:

- ደግፍ ሕክምና ድንገታዊ ሕማም ;
- ናይ ኣቦነት ክብርን ሓገዝ ልደት ህፃን;
- ርኡይ ፀገም ኣብ ዘጋጠመ ናይ ስኒ ክንክን ጉዳይ;
- መሰረታዊ ግልጋሎት ሕክምና (ምኽሪ ሓከም ንስድራ );
- ብክልል መንግስቲ ዝድጎም ንሕሙም መሐከሚ ዝኸውን ግልጋሎት መድሓንትን መሳረሕታት ሕክምናን ;
- ናይ ሳይካትርክ ግልጋሎት;
- ደገፍ ሕክምና ንኣናእሽተይ;
- ህፀፅ ደገፍ ሕክምና ኣብ ሆስፒታል ንዘድልዮም
- ናይ ሓደገኛ ተመሓላለፊ ሕማም ከምኡ እውን ነቲ ናይ ሳምቡእ መንሽሮ ሕክምና ግልጋሎት

.

ክኢላ ሓከም ንምርካብ ቆፀሮ ሰዓት እንትሕዙ እቲ ቆፀሮ ሰዓት ፋፀም ክኸበር ከምዘለዎ ኣይዘንግዑ ።
እንተኣምልጥዎም ናብተ ክኢላ ሓከም ዳግማይ የምልከቱ ። ብግዝኡ ግን ዘይከግልገሉ ይኽእሉ እዮም

ኣብቲ ዝመረፅዎ መንበሪ ኣድራሻ ዝነብሩ እንተኾይኖም ህፁፅ ግልጋለት ሕክምና ስድራ ቤታዊ ግልጋሎት ምኽሪ ሕክምናን ካልኦት ግልጋሎታት ምርካብ ይኽእሉ ፡ እንድሕር ጥዕነኦም ኣብ ሓደጋ ወዲቑ ንህፁፅ ግልጋሎት ሕክምና ብቑፅሪ ስልኪ 113 ምድዋል ይከኣል



# መንበሪ ቦታ ካብ ማእኸል ዕቑባ ደለይቲ ወፃኢ



ንካልኣይ ግዘ ዝኣተዉ እንተዘይኮይኖም ብተወሳኺ ካብቲ ማእኸል ኣብ ዝመረፅዎ ኣድራሻ ናይ ምንባር መሰል ኣለዎም ናይ ኣድራሻ ለውጢ እንትገብሩ ንሓላዊ ዶብ ከምኡ እውን ንቤፅጉዜስ የፍልጡ፡

ንዝመረፅዎ ናይ መንበሪ ኣድራሻ መፃኢኦም ባዕሎም ክሸፍንዎ ኣለዎም ካብቲ ማእኸል ወፃኢ እንትነብሩ መዓልታዊ ኣበልን ንምግብን ዝኸዉን ገንዘብ ኣይወሃቦምን ፡

# ድጋፍ ማሕበራዊ ሰራሕተኛን ማሕበራዊ መጉዝትን

ከልትኡ ፅግዕተኛ ደላዩን ስደተኛን ከምኡ እውን ካልእ ኣማራፂ ዘለዎም ሰባትን ድጋፍ ማሕበራዊ ሰራሕተኛን ማሕበራዊ ግልጋሎትን ከረኽቡ ብቑዓት እዮም



ማሕበራዊ ሰራሕተፀኛታት ከምኡ እዉን ማሕበራዊ ኣማኸርቲ ናትኻ ኣማኸርቲ ደገፍ ወሃብቲ ሓለውቲ ይኾኑ ምሳኻን ምስ ቤተ ሰብካን ይሓብሩ ንመሰናኽላት ምፍትሕታት የናድዩ ናብ ውሽጢ ማሕበረሰብ ላትቪያን (Latvia) ከትፅንበሩን ተቐባልነት ከትረኽቡን የበረታትዑኻን ይህግዙኻ እዮም።

ኣብ እዋን መስርሕ ፅግዕተኛ ካብ ማሕበራዊ ሰራሕተኛን ማሕበራዊ ኣመኸርትን ደገፍ ምርካብ ይከኣል ንስደተኛ ወይንካልእ ኣማራፂ ዕቑባ ብቑዕ ኮይኖም እንተተረኺቦም እዚ ግልጋሎት ን 12 ኣዋርሕ ምርካብ ይኽእሉ

ቀንዲ ስራሕቲ ማሕበራዊ ሰራሕተኛታትን ማሕበራዊ ኣማኸርትን እዚ ዝስዕብ እዩ

- ኣብ ላትቪያ (Latvia) ሓዱሽ ሂወት ንምጅማር ድሌትኩምን ባህግኩምን ምፍላይ;
- ናብቲ ማእኸል ካብ ዝኣተኹምሉ እዋን ጀሚሩ ብማእኸላይ ኣብ ዉሽጢ 3 ናይ ስራሕ መዓልቲ ምስ ቤተሰብኩም ናይ ምትዕራቚ;
- ንምላእ ማሕበራዊን ቑጠባዊን ዓቅሚ ሓደ ትልሚ ምድላዉ ከይዲ ኣፈፃፀማ እቲ ትልሚ ንምክትታል ምስኻን ምስ ቤተ ሰብካን ብስሩዕ ምርኻብ;
- ንዘጋጠሙ ማሕለኻታት በቢዓይነቱ መፍትሒ ንምርካብ ምሕጋዝ ኣድላዩ ናውቲ ምሕባር ;
- በበመዓልቱ ንዘጋጥሙ ኩነታት ንምፍታሕ ንክሕግዘካ ኣብ ውሽጠ ማሕበረሰብ ለትቪያ (Latvian) ኣትኩሮ ሂወት ንምፍጣር ይሕግዘካ;
- ንምዓታዊ ሂወት ኣድላዩ ዝኾኑ ከእለታት ንኽረኽቡ ምሕጋዝ
- ርክብ ማሕበራዊ ድጋፍ ምፍዓርን ምስፍሕፋሕን;
- ምስ ኣካላዊ ከምኡ እውን ሕጋዊ ሰብ ብሓንሰብ ንምርኻብ ድጋፍ የቐርብ
- ሰነዳት መለለዪ መንነት ንምርካብን ሒሳብ ባንኪ ንምኽፋትን ምሕጋዝ ;
- ጥቕሚ ንምርካብ ኣብ ዝግበር ከይዲ ኣድላዩ ሓበሬታ ምቕራብ;
- ንስኻን ድቂኻን ናብ ትማሃርሉ ትሰርሕሉ ወይ ግልጋሎት ትረኽብሉ ቦታ ምስናይ;
- ሰብ ዝደልዮ ሰብኣዊ ሓገዛት ኸዳን ዕጥቂ ስፓርትን ወዘተን ንከረኽቡ ምሕጋዝ;
- ህፃናትን ወለዲን ምሰ እቲ ቤት ትምርህቲ ንምርኻብ ኣብ ሞንገኻን ኣብ መነጎ መመህራንን ምሕዝነት ክህሉ ምብርታዕ;
- ካብቶም ዘለዉ ሃፍቲ ብምንዳይ መንበሪ ኣባይቲ ምእላሽ ወዕሊ ክራይ ንምፍዓም ምሕጋዝ;
- ኣብ ኤጀንሲ ክልል ኣተኣላለሺ ስራሕን ሕክምናን ክምዝገቡ ምሕጋዝ;
- ኣብ ካልኦት ትካላት ድሌትካን መሰልካ ወኪሎም ምቕራብ;
- ንሙለእ ተግበራዊነት ትልሚ ማሕበረቑጠባዊ ተርጎምቲ ምስሓብ.

ኣብ ዉሽጢ ማእኸል ዕቑባን ካብቲ ማእኸል ወፃኢ ንዘለዉ ደለይቲ ዕቑባ ሰራሕተኛ ማሕባረዊን ሰራሕተኛ ኣማኻርን ከህልዎም እዩ


እቲ ግልጋሎት ማሕበራዊ ሰራሕተኛን ማሕበራዊ ኣማኻርን ‹ዕቤት ብዙሓት› ንምልልላይ ዝትግበር ማበራዊ ውህደት ቅሩባት እዮም ሕቶ እንተሃልዩዎም ወይ ዘይበረሃሎም እንተሃልዩ ኣውንዴሽን ሶሳይቲ ኢንተገሬሽን ንከረቡ ንዕድም

# እቲ ቃለ መሕቲት

መመልከቲ ሕቶ ዕቑባኻ ኣብ ግምት ኣትዩ ተቐበልነት ምስረኸበ ኦሲኤምኤ ምሳኻ ቃለ ምሕቲት ክገብረልካ እዩ

ቅድሚ ኩሉ ብዛዕባ እቲ ቃለ መሕቲት ብዝምልከት ብሓጺሩ ክትላለ ኢኻ ካብዚ ብተወሳኺ ኣብቲ ቃለ መሕቲት ምሳኻ ዝህሉ ዓጃቢ ሰብ ክምደበልካ እዩ

ቃለ መሕቲት ዝግበረሉ ማዓልትን ቦታን እቲ መመልከቲኻ ተቐባልነት ኣብ ዝረኸበሉ እዋን ክጥቀስ እዩ



ኣብ ግዘ ቃለ መሕቲት ንምንታይ ትውልዲ ዓድኻ ወይ ካብቲ ቅድሚ ሕዚ እትነብረሉ ንምንተታይ ገድፍካ ከም ዝመዓእኻን ንምንታይ ዕቑባ ትሓትት ከምዘለኻን ዝርዝር ሓበሬታ እተቐርበሉ ዕድል ክወሃበካ እዩ ። እቲ ዝሃብካዮ ሓበሬታ ዘጠናኽር ተወሰኽቲ ሰነዳት ወይ መረዳእታታት ክተቕርብ ትኽእል ። ብዛዕባ ጉዳይካ ነዓ ኮይንኻ ባዕልኻ ናይ ምግላፅ መሰል ኣለካ ከምኡ እውን ንዝተሓተትካዮ ሕቶ መልሲ ክትህብ ይድለ

ኣብ ግዘ ቃለ መሕቲት እቲ ዝድለ ሓበሬታ ብቛንቛኻ ንኽትርዳእ ምእንታን ዕድል ንምሃብ ተርጓሚ ክቐረበልካ እዩ



ድሕሪ እቲ ቃለ መሕቲት ጉዳይካ ኣበይ ከም ዝበፅሐ ብዝምልከት ሓበሬታ ክወሃበካ እዩ ከምኡ እውን ብተወሳኺ ንስኻ ትደልዮ ተወሳኺ ኣብቲ እትደልዮ ጉዳይ ሕቶ ምሕታት ትኽእል



ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ቃለ መሕቲት ወኪልኻ ናይ ምስታፍ መሰል ኣለዎ

እንድሕር ዘይተመርዓወ ንእሽተይ ዕቑባ ደለዩ ካይንኻ ድማ ወኪልኻ ኣብ ዘለዎ እቲ ቃለ መሕቲት ይካየድ

እቲ ምስኻ ዝግበር ቃለ መሕቲት ኣባለት ስድራኻ ኣብ ዘይተብሉ ይካየድ ናቶም ምህላዉ ኣድላዩ ኮይኑ እንተዘይተረኺቡ

ብተወሳኺ ካልኦት ተወከልቲ ኣብ ከይድ ስነ ስርዓት ዕቑባ ዝሳተፉ ትካላት ኣብቲ ቃለ መሕቲት ናይ ምስታፍ መሰል ኣለዎም ከምኡ እውን ተወሳኺ ሕቶ ክሓቱኻ ይኽእሉ



እቲ ብኣኻ ዝተወሃበ ሓበሬታ ብመቐረጺ ድምፅን ቪድዮን ክሰፈር እዩ፣ ብዛዕ እዚ ድማ ብዝተፋለየ መልክዒ ክግበር እዩ።



# ናይቲ ዑቕባ ማመልከቻ ምርመራ

ዓንቐፅ ቁፅሪ 1

10 ናይ ስራሕ መዓልቲታት
ድሕሪ ሰነዳትብ ቤፅጉዜስን ካብ ሓላዊ ዶብ ምቕባል

1 ወርሒ
ድሕሪ እቲ ማመልከቻ ንምርመራ ምቕባል ምውሳኑ

3 ወርሒ
ድሕሪ ቓለ መሕቲት እቲ መመልከቻ ካብ ዝኣተወሉ ጊዜ ኣብ ወሽጢ 6 ወርሒ ። ናይቲ ሓሳብ ግዘ ምናልባት ን 9 ወርሒ ወይ ልዕልኡ ክናዋሕ ይኽእል

1 ወርሒ
ፅግዕተኛ ስደተኛ ወይ ካልእ ኣማራፂ ዝተነፀጎ ውሳነ ዘይረኸበ ካብ ዝተወሃበሉ ግዘ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ጥርዓኑ ናብ ቤት ፍርዲ ምቕራብ ይኽእል

መመልከቲ

ብዛዕባ እቲ ማመልከቻኻ ንምርመራ ምቕባል ዝምልከት ውሳነ → ናይ ወልቀ ቓለ መሕቲት

→ ዉሳነ ንስደተኛ ወይካዓ ካልእ ኣማራጺ ደረጃ ምሃብ → ዕቑባ ስደተኛ ወይ ካልእ ኣማራፂ ምርኻብ

→ ዉሳነ ንስደተኛ ወይካዓ ካልእ ኣማራጺ ደረጃ ምኽላእ → 3 ናይ ስራሕ መዓልታት — ገምጋም ዓቃቢ ሕጋዊ
መበገሲ ጉዳይ እቲ መመልከቻ ተቐባልነት ድሕሪ ምርካቡ ቤት ፍርዲ ኣብ ውሽጠ ሰለስት ወርሒ ክምርምሮ ይኽእል

ብዛዕባ እቲ ማመልከቻኻ ብዘይምረመራ ምግዳፍ ዝምልከት ውሳነ → 15 ናይ ስራሕ መዓልቲታት — ወሰነ ምስተወሃበ መመልከቻ ናብ ቤት ፍርዲ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልትታት ስራሕ ምእታው ይከኣል → 5 ናይ ስራሕ መዓልታት — ናይ መጋባእያ ምርመራ
መበገሲ ጉዳይ እቲ መመልከቻ ተቐባልነት ድሕሪ ምርካቡ ቤት ፍርዲ ኣብ ውሽጠ ሰለስት ወርሒ ክምርምሮ ይኽእል

→ ብቤት ፍርዲ ዝተነጸገ → ካብ ላትቪያ ምውጻእ

→ መመልከቻ ተራኣዩ ተቐባልነት ረኺቡ

ዓንቀፅ ቁፅሪ 1 ኣብ ልሙድ ኩነታት ከይንኻ ዝካየድ ከይድ ምዝገባ ዕቑባ የመላኽት



# ከይዲ ስነ ስርዓት ምእላይ ማሕለኻታትን ጥርዓናትን

ብ ቤፅጉዜስ ንዝተመሓላለፈ ዉሳ ቤት ፍርዲ ምምሕዳር ወረዳ (ዓንቀፅ ቀፅሪ 2 ምርኣይ ይከኣል ) ኣብቲ ዝነብርሉ ኣድራሻ ኮይኖም ጥርዓን ምቕራብ ወይ ናብ ሚንስትር ወሽጢ (ዓንቀፅ ቀፅሪ 3 ምርኣይ ) ይከኣል

ኣብ መወዳእታ ነብሲ ወከፍ ዉሳነ ኣበይን መዓዝን ጥርዓን ምቕራብ ወይ ዘይተስማዕመዕሉ ዉሳነ ንምብዳህ ዘደሊ ሓበሬታ ኣሎ።

ናብ ምምሕዳር ቤት ፍርዲ ወረዳን ቤፅጉዜስን መመልኸቻ ምእታዉ ይኽእሉ ኣብ ውሽጢ ሓደ መዓልቲ ድማ ሙሉእ ቅዳሓት ጉዳዮም ሓዊሱ ናብ ቤት ፍርዲ ክቐርብ ክግበር እዩ።

ዕቑባ ደላዩ ከም ምኺንኻ መጠን እቲ መመልከቸ ናብ ቤት ፍርዲ ንምሃብ እቲ ክልል ካብ ዝሓቶ ክፍልት ናዓ ኢኻ።



ውጥን ቁጽሪ 2

## እቲ ቤፅጉዜስ ብዝሃቦ ዉሳነ ዘይትስማዕማዕ እንተኮይንኻ

| ጉዳይካ ናብ ካልእ ኣባል ክልል ኣብ ውሽጢ | ኣብ ግምት ከይኣተወ ንዝተረፈ መመልከቻ ኣብ ውሽጢ | ዕቑባ ስደተኛ ወይ ካልእ ኣማራጺ ንዝተነፀጎ | ዕቑባ ስደተኛ ወይ ካልእ ኣማራጺ ንዝተነፀጎ ብስሩዕ ከይዲ | ምቁራጽ ገምጋም መመልከቻ | እቲ ጉዳይ መለሱ ንከርእዩ እንትንፀግ | ብዛዕ ምቁራጽ ወይ ብኻልእ ኣማራጺ ብምስኣን ምኽንያት |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 15 መዓልቲ | 15 መዓልቲ | 1 ወርሒ | 1 ወርሒ | 15 መዓልቲ | 15 መዓልቲ | 1 ወርሒ |
| ደጋማይ እንተኮይንኻ ድማ ኣብ | ደጋማይ እንተኮይንኻ ድማ ኣብ | | ከይዲ ስነ ስርዓት ብምግላፅ ድማ | ስራሕ እቲ ጉዳይ መለሱ ንከርእዩ ንቤፅጉዜስ ምሕታት ይኽእሉ - | ስራሕ | |
| 5 መዓልቲ | 5 መዓልቲ | | 15 መዓልቲ | 9 ወረሒ | | |
| ስራሕ ይመሓላለፋ። | ስራሕ ይመሓላለፋ | | | | | |

ጥርዓንኻ ናብ ቤት ፍርዲ ወረዳ ምምሕዳር ምቕራብ ትኽእል ። ብ ኦሲኤምኤ ንዝተወሃበ ወሳነ ጥርዓንኻ ናብ ቤት ፍርዲ ምምሕዳር ወረዳ እንተተቐርብ ኩነታቶም ብምድህባስ እቲ ክልል ነዓ ሕጋዊ ደገፍ ንደለይቲ ዕቑባ ከህብ እዩ።
ዳይናታት ቤትፍርዲ ናይ መወዳእታን ጥርዓን ዘይምልከቶምን እዮም

# ናይ ውሳነ ጥርዓን ኣገባብ

ዓንቀፅ
ቁፅሪ 3

## ኦሲኤምኤ ኣብዞም ዝስዕቡ ጉዳያት ብዝሃቦ ዉሳነ ዘይትስማዕማዕ እንተኮይንኻ

- ከይዲ ምርመራ መመልከቻ ምንዋሕ
- መዓልቲ ቖፀር ቓለ መሕቲት ምንዋሕ
- ገንዘብን መዓልታዊ ኣበልን ንከይትወሃብ ምንፃግ
- ድሕሪ ኩነታት ምቕባል ንፅል ከፍሊት ሓገዝ ምንፃግ

1 ወርሒ

ብሚንስትር ዉሽጢ ሃገር ምቅዋም ይኽእሉ

ብዉሳነ ሚንስትሪ ዉሽጢ ሃገር እንተዘይዓግቦም እዉን

1 ወርሒ

ናብ ቤት ፍርዲ ምምሕዳር ወረዳ ጥርዓንኹም ምቕራብ ይኽእሉ

* ግልጋሎት ነፃ ድጋፍ ዝርከብ እቲ ጥርዓን ንወሳነ ሚንስትሪ ዉሽጢ ዓዲ ናብ ቤት ፍርዲ ምምሕዳር ወረዳ ዝቐርብ ስለዝኾነ እዩ

ንድፊ
ቑፅሪ 4

## ዉሰነ ቦርድ ሓላዊ ክልል ዘይትስማዕመዐሉ እንድሕር ኮይንኻ

ደግም ን48 ሰዓታት

48h

ሓላዊ ዶብ ኣብ ዘውፅኦ ግዘ ገደብ ናይ ምምዝጋብ ግደታ ኣብ ውሽጢ

7 መዓልትታት ስራሕ

ኣብ ውሽጢ 7 ማዓልቲታት ስራሕ ናብ ዋና ሓላዊ ዶብ ጥርዓን ምጥራዕ ይኽእሉ

7 መዓልትታት ስራሕ

ናብ ቤት ፍርዲ ወረዳ ወይ ከተማ እዉን ምጥራዕ ይኽእሉ ጥርዓንኻ ። ብሓላዊ ዶብ ንዝተወሃበ ወሳነ ጥርዓንኻ ናብ ቤት ፍርዲ ወረዳ ወይ ከተማ እንትተቐርብ ናይ ፋይናንስ ኩነታቶም ከይዳህሰሰ እቲ ክልል ነፃ ሕጋዊ ደገፍ ንደለይቲ ዕቑባ ይህብ።

* ግልጋሎት ነፃ ድጋፍ ዝርከብ እቲ ጥርዓን ንወሳነ ሚንስትሪ ዉሽጢ ዓዲ ናብ ቤት ፍርዲ ምምሕዳር ወረዳ ዝቐርብ ስለዝኾነ እዩ

# ናይ ውሳነ ምርዓን ምቕራብ ኣገባብ

ድሕሪ ሕቶ ስደተኛነትን ካልእ ኣማራፅን ተቐባልነት ምርካቡ ንጉዳይካ ዝምልከቱ ውሳነታት ብክልላዊ ውድብ ማሕበራዊ ውሕስና ከውማው ጥቕሚ ከፍሊት ንምርካብ ከውሰዱ ይኽእሉ።

**ከውማው ኣብቲ ቀዒሉ ዝጥቀስ ዝሃቦ ውሳነ እንተዘይተስማዕማካሉ**

↓

ድሕሪ ሕቶ ስደተኛነት ተቐባልነት ምርካቡ ከትኸፎሎ ዝግበኣከ እንትንፀግ

↓

ጥርዓንካ ናብ ሚንስትር ወሕስና ምቕራብ ትኽእል (1 ወርሒ)

↓

ብሚንስትር ውሕስና ዝተወሃበ ውሳነ እንተዘይዓግብካሉ (1 ወርሒ)

↓

ናብ ቤት ፍርዲ ምምሕዳር ወረዳ ይግበኣኒ ሕተት



# እቲ ክልል ናዓ ድጋፍ ሕጊ ይህብ

እኹል ገንዘባዊ ዓቕሚ እንተዘይሃልዩካ ካብ ክልል ነፃ ድጋፍ ሕጊ ናይ ምሕታትን ምርካብን መሰል ኣለካ፤ እቲ ክልል ናይ ሕ ሓገዝ ክህብ እዩ።

እቲ ክልል ሕጋዊ ደገፍ ዝሸፍን እዚ ዝስዕብ እንተኸውን እዩ፡

- ተወሳኺ መርመራን ሕጋዊ ከይድ ፍርዲን ካብ ሰዓት
- ተወሳኺ መርመራን ሕጋዊ ከይድ ፍርዲን ካብ 5 መረዳእተታት ንላዕሊ ዘይኮነ ;
- ውክልና ኣብ ቅድሚ ዳይና ካብ 40 ሰዓት ልላሊ ዘይኮነ

# ኣገባብ ምሕታት ናጻ ድጋፍ ሕጊ ካብቲ ክልል



ናጻ ድጋፍ ሕጊ ንምርካብ ብፅሑፍ ምሕታት ( ዝተዳለወ ቅጥዒ ብምምላእ) ምቅራብ ብዛዕባ ባዕልኻን ይግበኣኒ ትሓተሉ ደሊኻ ዘለኻ ጉዳይን ገንዘብ ብናጻ ትረኽበሉ ፍልፍል ዘይብልካ ምኻኑ ሓበሬታ ክተቕርቡ ኣለኩም። ። ስለዚ ወሕስና ነጻ ድጋፍ ሕጊ ክልል የድሊ ። ( እቶም ቅጥዕታት ብዝተፈላለየ ቋንቋ ዝተተኻሙ ስለዝኾኑ በቲ ዝርደኣካን እትፈልጦን ቋንቋ ንምምላእ ምሕታት ትኽእል )።




እሱር እንተዘይኮይንኻ ናብ ምምሕደር ሕጋዊ ሓገዝ ዝለኣኽ ቅጥዒ ናብ ኦሲኤምኤ ክትልእኽ ኣለካ፤ ከምኡ እውን ምስቲ ሕጋዊ ድጋፍ ዝህብ ሰብ ክትዘራረብ እንተለኻ ዝትርጉመልኻ ተረጓሚ ኣቕርብ

ምምሕደር ሕጋዊ ሓገዝ ሕጋዊ ተወካሊ እንተኣቕርቡልካ መዓዝን ምስ ኦሲኤምኤ ኣበይን መዓዝን ቆፀሮ ከምዝህቡኻን ተርጓሚ ንከቕርቡልካን ከፍልጦም እዩ።





እሱር እንተኮይንኻ እቱ ቅጥዒ ንሓላዊ ዶብ ክትህብ ኣለካ።

ሓላዊ ዶብ ኣብ ደጋማይነትካ ንዘዕረፎ ዉሳነ ናብ ቤት ፍርዲ ወረዳ ወይ ከተማ ጥርዓንኻ ምቕራብ ትኽእል፡ ፡ ሕጋዊ ደገፍ ከምኡ እውን ምስ ኣብ ዝቐረበ ዉሳነ ይግባኒ ምስ ዘቕርብ ሕጋዊ ወኪልካ ዝዘራረበልካ ግልጋሎት ትርጉም ክትርከብ ኢኻ።

ብዛዕበ ብኦሲኤምኤ ዝተወሃበ ወሳነታት ዝተፈቐደ ወይ ዝተነፀገ ናብ ቤት ፍርዲ ምምሕዳር ወረዳ ብኣድራሻ እቲ ዝተኣሰርሉ ቦታ ይግባኣኒ ምቕራብ ይኽእሉ ። ብመሰረት ሕቶኻ ሓላዊ ዶብ ምስ ወኪል ክልል ወሃቢ ድጋፍ ሕጊ ቆፀሮ ይሕዘልኻ

# ዉሳነ ድሕሪ ምርካብ

ኩነታት ስደተኛ :

● ብዘይካ ኣብታ ዝተወለድካላ ሃገር ኣብ ካልእ ተቐባልነት ዘሎዎ ናይ ጉዕዞ ሰነድ (ፓስፓርት)) ንመንቀሳቐሲ ክወሃበካ እዩ።

ኣብ ላትቪያ (Latvia) ዝተደላወልካ ሰነድ መጎዓዕዚ ሰነዳት ድሕሪ ምቕባልካ፣ ክትከይድ እንክለኻ ናይ ውልቀን ናይ ጉዕዞን ሰነዳትካ ከቐመጡ ናብ ቤፅጉዜስ ክተረክብን ኣብሎ ክዕቀብን ኢኻ።

ኣማራጺ ኩነታት :

● ካብ ትውልዲ ሃገርካ ሰነድ መጉዓዚ ክትረክብ ዘይትኽእል እንተኮይንኻ መንቀሳቐሲ ዝጠቕመካ ሰነድ (ፓስፓርት)ክወሃበካ እዩ።

ብቀዳሚነት ሰነድ መጉዝዓን ፍቃድ ነባራይንትን ብናዓ ይወሃበካ

● በቢ 5 ዓመት ኣብ ቤፅጉዜስ ዝምዝገብ ፍቓድ ቀዋሚ መንበሪ ክወሃበካ እዩ።

ኣብ ላትቪያ (Latvia) ሕጋዊ ፍቃድ ነባራይነት ምሓዝ ብዘይዝኾነ ገደብ ናይ ምስራሕ መሰል ይህበካ።

● ግዚያዊ ፍቃድ ነባራይነት ይውሃበካ ። ኣብ ላትቪያ ዝህልወካ ፃንሒት ንምንዋሕ ቤፅጉዜስ በቢዓመቱ ቅድሚ ግልጋለቱ ምብቀዑ ዘሎ ሓደ ወርሒ ክትረኽቦ ኣለካ ቀፃሊ ግዝያዊ ፍቃድ መንበሪ ዝግበካ ምኻኑ ንሱ ስለዝድስሶ፡ እቲ ቤፅጉዜስ ብተደጋጋሚ ጊዚያዊ ፍቓድ መንበሪ ክወሃቦ ግቡእ ምኻኑ ክጻርዮ እዩ።

● ምስ ኣብ ወፃኢ ዘለዉ ኣባላት ስድራኻ ናይ ምሕዋስ መሰል ኣለካ።

ኣባላት ስድራ ስደተኛታት ናይ ቀዋሚ መንበሪ ፍቓድ ይወሃቦም፣ ካልእ ኣማራጺ ኩነታት ናይ ዝረኸበ ሰብ ኣባላት ስድራ ምስ እቲናይ ሰብ ኣማራጺ ኩነታት ማዕረ ንውሓት ጊዜ ዘለዎ ጊዚያዊ ፍቓድ መንበሪ ይወሃቦም።

● ኣብ ላትቪያ (Latvia) ንክልተ ዓመት ድሕሪ ምቕማጥካ ኣብ ወፃኢ ዘለዉ ኣባላት ስድራኻ ናይ ምርካብ መሰል ይህልወካ

●እኹል ምንጪ ኣታዊ እንተዘይሃልዩካ ንሓደ ግዘ ጥራይ ዝፍቀድ ደገፍ ገንዘብ (ዓስቢ ሓደ እዋን) ንወጻእታት ናብራ ወይ ጥቕሚ ይወሃበካ ። እቲ ስደተኛ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲ እዞም ይረከብ ከምኡ እውን ብኣማራጺ ንዘሎ ኣብ 7 ወርሒ ይወሃቦ።



ናይ ሓደ ግዘ ክፍሊት ንዓበይቲ ሰባት 278.00 ዩሮ ንኣናእሽተይ ድማ 194.00 ዩሮ እዩ ። ኮይኑ ግና ሰብኣይን ሰበይትን እንተኮይንኩም ንሓዴኤኹም278.00 ዩሮ ንሓደ ግዜ ጥራይ ነቲ ካልእ ድማ 194.00 ዩሮ እዩ እዚ ድማ ብመሰረት ኣብት መመልከቲካ ዝተሰማዕማዕካሉን እዩ ። እዚ ሓገዝ ቤፅጉዜስ ዝወሃብ እዩ

ንሓደ ሰብ ዝፍቀድ መጠን ጥቕሚ 139.00 ዩሮ ንወርሒ እዩ ንኣናእሽተይ ድማ 97.00 ዩሮ ንውርሒ እዩ ። ሰብኣይን ሰበይትን እንተኮይንኩም ግና ንሓደ ሰብ 139.00 ዩሮ ይወሃቦ ነቲ ካልእ ድማ 97.00 ዩሮ እዩ ። እዚ ብመሰረት ምስ ባዕልካ ዝተሰማዕማዕኻሉን ኣብት መመልከቲኻ ዝገለጽካዮን ዘቐመጥካዮን እዩ ። እዚ ሓገዝ ቤፅጉዜስ ዝኽፈላካ እዩ ።

ንሓደ ግዘ ጥራይ ሓገዝን ጥቅምን ንኽትረክብ እውን እንትኾነ ኣብ ላትቪያ (Latvia) ኣብ ዘሎ ዝኾነ ይኹን ናይ ልቃሕ ትካል ናይ ባዕልኻ ሒሳብ ቁፅሪ ክትኽፍት ኣላካ ። ንህፃናት ዝወሃብ ናይ ሓደ ግዘ ጥቕሚ ወይ ሓገዝ ግና ናብ ሕጋዊ ወኪሉ/ ወኪላ ኣታዊ ይኾነሉ ። ንዚ መመልከቲ ሓገዝን ተወሳኺ መረዳእታን ንምርካብ ንዝምከቶ ትካል (ነቲ ማእኸል እውን ) ወይ ንማሕበራዊ ኣማኻርን ምርካብ ይከኣል

ናይ ሓደ ግዘ ሓገዝ ንምርካብ ብባዕልኻ ናብ ቤፅጉዜስ ተመልከት ዉሳነ ስደተኛ ወይ ካልእ ኣማራጺ ካብ ዝተቐበልካሉ ኣብ ዉሽጢ ሓደ ወርሒ ይፍፀም ። እዚ ሓገዝ ንምርካብ ናብ ክልል ኤጀንሲ ማሕበራዊ ዉሕስና ከኤማዉ ተቐባልነት ዕቑባ ስደተኛን ካልእ ኣማራፅን ካብ ዝረኸብካሉ ግዘ ጀሚሩ ኣብ ዉኸጢ 12 ኣመልከት ። ኣብ ክልትኡ መመልከቲ ሓገዝ ሓደ ግዘ ሓደ ሰብ ኣብ ላትቪያ ካብ ዝፍቀደሉ ኣ ዪናንሳዊ መጠን ንላዕሊ ዘይሓተትካ ምኻንካ ክተረጋግፅ

ካብ 15 ዓመት ጀሚሩ ክሳብ ክልል ዘቐመጦ ናይ ጥሮታ ዕድመ ዘሎ ሰብ ዝረኸቦ ጥቅሚ በዞም ዝስዕቦ ኩነታት ዝዉሰን ይኸዉን:
- ዝሰርሕ እንተኾይኑ
- እቲ ሰብ ኣይሰርሕን ኣብ ክልል ቆፃሪ ኤጀንሲ
ዝተመዝገበ እዩ፡ ዘይተቀፀረ ወይ ኣብ ኩነታት
ደላዩ ስራሕ ምዝጉብ፡ ናይዘይተቀፀረ ሰብ ስራሕ
እናሰርሐ ዝርከብ፡ ኣብ ክሊላዊ መድብ ስልጠና
ቋንቋ እናተሳተፈ ዘሎ እንተኮይኑ እዉን ሓዊስካ ( እቲ ሰብ ኣብ ኣካል ጉድእ 1 ን 2 ዝምደብ እንተኮይኑ ኣብ ክልል ቆፃሪ ኤጀንሲ ምምዝጋብ ኣየድልዮን ወይ ትምህርቱ ኣብ ትካል ትምህርቲ ላትቪያ (Latvia) ዝተኸታተለ እንተኮይኑ )



# ናይ መወዳእታ ኣሉታዊ ውሳነ

ዕቑባ ስደተኛ ወይ ካልእ ኣማራዊ ሓትትካ ዝተነፀግኻ እንተኾይንካን (ውሳነ ብናይ ኦሲኤምኤ ወይ ብቤት ፍርዲ ዝተወሃበካ ፡ እንድሕር ናብ ኦሲኤምኤ ብቤት ፍርዲ ይግበኣኒ ኣቅርብካ ) ከምኡ እውን ዝኾነ ካልእ ሕጋዊ መሰረት ዘለዎ ኣብ ላትቪያ (Latvia) ዘፅንሕ እንተዘይሃልካ ካብ ሃገር ብሓይሊ ተገድድካ ንኽትስጎግ ውሰነ ይወሃበካ ።

ካብ 7 – 30 መዓልቲ

ወሳነ ሓይሊ ንምዕራፍ ካብ 7 ክሳብ 30 መዓልቲ ገደብ መዓልቲ ክውሃቦ ይኽእል ። ቅድሚ እቲ ዝተቐመጠ መዓልቲ ብሓይሊ ተገድድካ ምዉፃእ ምእኻሉ ቀዲምካ ናይ ምውፃእ መሰል ኣለካ ። ናብ ትውልዲ ዓድኻ ናይ ምምላስ ድሌት ከም ዘለካ ብምግላፅ ነዚ ከሳልጥ ካብ ዝተቐመጠ ዓለም ለኻ ትካል ስደተኛታት ሓገዝ ናይ ምርካብ መሰል ኣለካ እዩ



# ጠቓምቲ ኣድራሻታተት

**1**

Pilsonības un migrācijas lietu pārvalde

**ቤት ፅሕፈት ዜጋታትን ጉዳያት ስደትን**
Čiekurkalna 1. līnija 1, k-3,
Riga, LV-1026,
ንዝበለፀ ሓበሬታ ይደውሉ : (+371) 67588675
ቐፅሪ ፋክስ: (+371) 67829825,
ኢ መይል : pmlp@pmlp.gov.lv
www.pmlp.gov.lv
facebook.com/IeM.PMLP
twitter.com/IeM_PMLP

**2**

**ካብኔ ቃለ መሕቲት ደላይቲ ዕቑባ**
Stabu iela 89, Riga,
LV - 1009

**3**

**ማእኸል መንበሪ ደለይቲ ዕቑባ**
Mucenieki, Ropazu novads
LV-2137

**4**

Valsts robežsardze

**State Border Guard**
**ክልል ሓላዊ ዶብ**
**ዋና ምምሕዳር**
Rūdolfa iela 5, Riga, LV-1012
ስልኪ.: (+371) 67075617,
(+371) 67075739,
ቀፅሪ ፋክስ : (+371) 67075600,
ኢ መይል : robezsardze@rs.gov.lv
www.rs.gov.lv

**5**

**መንበሪ እሱራት ወፃእተኛታት ክልል ሓላዊ ዶብ**
"Daugavpils"
A. Pumpura iela 105 B,
Daugavpils,
LV-5417

**6**

Juridiskās palīdzības administrācija

**ምምሕዳር ሕጋዊ ደገፍ**
Pils laukums 4, Riga, LV-1050
ነፃ መስመር ስልኪ : 80001801
ኢ መይል: jpa@jpa.gov.lv www.jpa.gov.lv
twitter.com/JPA_lv twitter.com/JPA_lv

**7**

Sabiedrības integrācijas fonds

**ፋውንዴሽን ኢንተግራሽን ሶሰይቲ**
Aspazijas bulvāris 24, 3ይ ደብሪ ,
Riga, LV-1050
ስልኪ .: (+371) 67078226 (LV, ENG, RUS)
ኢ መይል: info@sif.gov.lv
www.sif.gov.lv
facebook.com/Sabiedrībasintegrācijas-fonds-1473806282831644/
facebook.com/Society-Integration-Foundation-619832468031137/
twitter.com/siflv

# ጠቓምቲ ኣድራሻታተት

8

Patvērums DROŠĀ MĀJA

ዘይመንግታዊ ትካል
”ውሑስ መፅለሊ ”ገዛ ””
Lāčplēša iela 75 - 9/10, Riga ,
LV-1011
ስልኪ : (+371) 67898343,
(+371) 28612120, (+371) 25565098
ኢ መይል : drosa.maja@gmail.com
www.patverums-dm.lv
www.beglis.lv/www.refugees.lv
facebook.com/Patverums.Drosa.
Maja twitter.com/PatverumsDM

9

International Organization for Migration (IOM)

ዓለምለኸ ትካል ስደተኛታት
ኣይ ኦ ኤም (IOM) ሪጋ ቤት ፅሕፈት
ገዛ ውዱብ ሕቡራት መንግስታት ጎደና
ፒልስ , Pils iela 21,
LV-1050, Riga
ስልኩ.: (+371) 67503627
ኢመይል: imezs@iom.int
www.iom.int
facebook.com/IOM
twitter.com/UNmigration



# መዘኻኻሪ

# መዘኻኻሪ

# መዘኻኻሪ



3
Mucenieki
Rīga
5
Daugavpils
1
Čiekurkalna 1. līnija
Čiekurkalns
Brīvības iela
A. Čaka iela
4
Rūdolfa iela
Lāčplēša iela
Stabu iela
Grīziņkalns
6
9
7
8
2
Valmieras iela
Pils iela
Vecrīga
Aspazijas bulvāris